## ጥዕና ዝህብ መግብን መስተን



እዞም መግብታትን መስተታትን፡ ንጥዕና ኣስናን ጠቓምቲ እዮም።



ጥዑይ ኣስናን።



እዞም መግብታትን መስተታትን፡ ንኣስናን ክጐድኡ



ሕሙም ኣስናን።

## ኣብ መዓልቲ ክልተ ሳዕ ንኣስናን ሕጸቡ (ብራሽ ግበሩ)





ንግሆን ቅድሚ ምድቃስኩምን ብራሽ ግበሩ። ፍሎራይድ ዘለዎ ሳሙና-ስኒ (ቱዝፔስት) ተጠቐሙ።





ጥዑይ ኣስናን፡ ንነዊሕ ዕድመ ዝነብር እዩ።

**ዝውከሱ ኣካላት**

ነርስ / ወሃቢ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ቆልዑ (WellChild)
ቅድመ-ትምህርቲ
ኣገልግሎት ሕክምና ስኒ ቤት ትምህርቲ
ሓኪም ስኒ
ኣገልግሎት ሕክምና ስኒ ሆስፒታል

Auckland Regional Public Health Service
Rātonga Hauora ā Iwi o Tamaki Makaurau

MINISTRY OF HEALTH
MANATŪ HAUORA



# ክንክን ስኒ



Tigrinya

## ኣስናን ህጻን



ጡጦ ኣብ ኣፍ ቆልዓ ገይርኩም ኣይተደቕሱ። ጽሟቕ ወይ ጸባ፣ ኣብ ውሽጢ ኣስናን ስለዝጸንሕ፣ ንኣስናን ከባልሹ ይኽእል'ዩ።



ኣብ ንእሽቶን ፈኪስን መሕጸብ-ስኒ (ብራሽ)፣ ፍሎራይድ ዘለዎ ሳሙና ስኒ ብምግባር፣ ንኣስናን ህጻን ኣጽርዩ።



ፈሳሲ ንምስታይ ጡጦ ዘይኮነስ ኩባያ ተጠቐሙ። ጸባ ወይ ማይ ጥራይ ሃቡ።

## ኣስናን ቆልዑ ቅድመ-ትምህርቲ



ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም፣ ንኣብነት 12 – 15 ኣዋርሕ ዕድመ ምስገበረ፣ ኣብ ሓኪም ስኒ ንኽርአ ንውላድኩም ኣመዝግብዎ። ቅጥዕታት መመዝገቢ ንምርካብ፣ ንነርስ ቅድመ-ትምህርቲ ወይ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ቆልዑ (WellChild) ሕተቱ።



ንኣስናኖም ብኸመይ ከጽርዩ ከምዝኽእሉ፣ ነቶም ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ዘለው ቆልዑ ምሃርዎም። ንግሆን ቅድሚ ናብ ድቃስ ምኻዶምን ብራሽ ይግበሩ።

## ጥዕና ኣስናን ቤተሰብኩም



ቆልዑ ክሳብ ዓሰርተ-ሸሞንተ ዓመት ዝገብሩ፣ ኣገልግሎት ክንክን ስኒ ብናጻ ይውሃቦም።



ዓበይቲ ሰባት ድማ ስሩዕ መርመራ ስኒ ክገብሩ የድልዮም።